# ፮ይ ሰንበት ዘጽጌ

## ኅዳር 2 2016 (11/12/2023)

### ክርስትያን ህንፃ አምላኽ እዩ!

**መዝሙር፡** ክርስቶስ ሠርዐ ሰንበት... ክርስቶስ ሰንበት ሠርዓልና ብአኡ ሓቢርና ክንሕጎስ ዕረፍቲ ክትኮነና ሃበና፥ግራውቲ ወይኒ ዓምበቡ አታኽልቲ ፈረየ ሰለሙን እኳ ከም ሓደ ካብኦም አይለበሰን።

**ንባባት፡** ፩ቆሮ 3፡9-17፥ ያዕ 1፡1-12፥ ግ.ሓ. 28፡7-17፥ ዮሓ 2፡13-22

**ምስባክ፡** አርውዮ ለትለሚሃ፥ ወአስምሮ ለማዕረራ፥ወበነጠንግብከ ትበቍል ተፈሢሓ”ንነግሕታታ ተስትዮ፥ንድንኾላታ ትምድምዶ፥ብዝናም ተለምልማ፥ንብቑላ ትባርኾ መዝ. 65፡10።

መዓልቲ ሰንበት ምስ አምላኽ እንራኽበላ ጸጋ እንዕደለላ ዕለት ስለ ዝኾነት ክነኽብራ ይግባእ። ሰንበት አኽብሩ ጽድቂ ግበሩ ይብለና አምላኽ። ሰንበት ዘየኽብር ንአምላኽ አየኽብርን እዩ ስለዚ ብመዓልቲ ሰንበት ክንጽሊ ክንሳሕ አብ መአዲ ቅ. ቍርባን ክንሳተፍ ይግባእና።

ናይ ሎሚ ሰንበት ንባባት ብዛዕባ ሕንጻ አምላኽ ይዛረብ። አምላኽ ብብዙሕ መገዲ አብ ማእከልና ክነብር ይደሊ፥ ሓደ ካብቲ ብዙሕ አብ መንጎና ከም ዝነብር ከአ አብ ቤተ መቕደስ እዩ። ቤተ መቕደስ ዝብል ክልተ ሓሳባት ዝሓዘ እዩ። ፩ይ ግዙፍ ህንፃ ቤት አምላኽ፥ አምላኽ ዝቕመጦ ቦታ ኮይኑ ብኽብርን ጽረትን ዝግብኦ ክብሪ ሂብና እንጥቐመሉ ቤት እዩ። ፪ይ ህንፃ ቤተ መቕደስ ንሕናን አመንቲ ግዙፍ መረጋገጺ ናይ አምላኽ ግልጸት አብ ዓለም ምዃና የስምዕ እዚ ማለት ከአ ዝኾነ ሰብ ቅዱስን ዝተበረኸ ምዃኑ አብኡ አምላኽ ስለ ዝሓድር ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ከም ዝኸውን ዝገልጽ እዩ። ቅ. ጳውሎስ ነዚ ኽገልጽ እንከሎ 1ቆሮ 6፡19 ሰብነትኩም ቤተ መቕደስ ናይቲ ካብ አምላኽ ዝተቐበልክምዎ አብ ውሽጥኹም ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝኾነዶ አይትፈልጡን ኢኹም፥ እምብአር ናይ ገዛእ ርእስኹም አይኮንኩምን እናበለ ናይ ሓደ አማናይ ክርስቶስ መንነት ይገልጸልና።

ብዛዕባ ህንፃ ቤተ ክርስትያን ክንዛረብ ከሎና ብዙሕ ዘይቅኑዕ ርድኢትን አገላልጻን አብ መንጎ ብዙሓት አሎ። እግዚአብሔር አብ ኩሉ ስፍራ እዩ ዝርከብ ግድን አብ ቤተ ክርስትያን ጥራሕ አይንረኽቦን ኢና፥ ቤተ ክርስትያን መአከቢ እዩ እምበር ካብኡ ንላዕሊ ብፍሉይ ክንርእዮ አየድልን፥ ዝብሉ ብዙሓት እዮም ነዚ መሰረት ገሮም ከአ አብ ቤተ ክርስትያን ክኸዱ አይደልዩን ከምኡ ንቤተ ክርስትያን ከምቲ ዝግባእ ክብሪ አይህቡን።

አብ ብሉይ ኪዳን እግዚአብሔር አብ ፍሉይ ቦታ ከምኡ ፍሉይ መራኽቢ ምስ ደቂ ሰብ ይጥቀም ከም ዝነበረ ነንብብ፥ አብ ደብረ ሲና ንሙሴ እዚ ዘሎኻዮ ቦታ ቅዱስ እዩ እሞ ሳእንኻ አውጽእ ክብሎ ንሰምዕ፥ አብ ቤተ መቕደስ ቅድስተ ቅዱሳን ፍሉይ ቦታ አምላኽ እሞ ሊቀ ካህናት አብ ዓመት ሓደ ጊዜ ምእንቲ ርእሱን ምእንቲ ህዝብን መስዋዕቲ ዝዓርገሉ ከምዝኾነ ነንብብ፥ ጎ.ኢ.ክ. ባዕሉ ቤተ መቕደስ ቤት ጸሎት ንአምላኽ ጥራሕ ዝግባእ ቦታ ከምዝኾነ ነቶም ንቤተ መቕደስ ዘራኽሱ ዝነበሩ ከምዝሰጎጎም ነንብብ ስለዚ ቤተ መቕደስ ፍሉይ ቤት አምላኽ እዩ። ቤተ ክርስትያን እውን ነቲ ህንጻ ጸሎት አብኡ ማሕበር ክርስቶስ ዝእከቡሉ ዝጽልዩሉ መስዋዕቲ ቅዳሴ

ዘዕርገሉ ኩሉ ምስጢራት እንዕደሉሉ ስለ ዝኾነ ቅዱስ ቦታ ክብረት ዝውሃቦ ፍሉይ እንፃ ኣምላኽ እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ሕዝቅኤል 47፡1-12 እንተ ኣንበብና ብዛዕባ ቤተ መቕደስ ኢየሩሳሌም ራእይ ከም ዝረአየ ይነግረና፥ ኣብዚ እንርእዮ ኣብ ውሽጢ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ከምዝሓድር እዩ። ኣብኡ ኣምላኽ ከምዝሓድር ከምኡ ኣብ መንጎ ህዝቡ ከምዝሓድር ክነግር እንከሎ ቤተ መቕደስ ወይ ቤተ ክርስትያን ሓደ ቦታ ኮይኑ ካብኡ በረኸት ኣምላኽ ዝምንጭወሉ ዘለዓለምዊ በረኸት እንረኽበሉ፥ መንፈሳዊ ጽምእናን ጥመትናን እንዕንገለሉ፥ ልዕሊ ኹሉ ኸአ ምሕረት እንረኽበሉ ኣብኡ ኢየሱስ ናይ ጊልዓድዶ ፈውስና (ኤርም 8፡22) ዝኾነ ቍስሊ ነፍስና እንሓውየሉ እዩ። ሕዝቅኤል ነቲ ካብቲ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ወይ ቤተ ክርስትያን ዝውሕዝ ከምዚ ገሩ ይገልጾ፡ እቲ ውኂዝ ዝአተዎ ዘበለ ድማ ኹሉ ብሕይወት ኪነብር እዩ. . . እዚ ውኂዝ ዝበጽሖ ጥዕናን ሕይወትን ይረክብ. . . ምኽንያቱ እዚ ማይ ካብ ቤተ መቕድስ ስለ ዝመጽእ ይብል። ኣብዚ ፍልልይ ናይ ሓደ ማንም ኣዳራሽን ዝተመረቐ ቤተ መቕድስን ክንርኢ ንኽእል። ኣብ ሓደ ቤተ ክርስትያን ናይ ቅድስት ስላሴ ህላዌ ኣብኡ ይረክብ። ቅዱስ ቀዋሚ ቦታ ኣምላኽን ቦታ ጸሎትን እዩ፥ ስለዚ ዝለዓለ ክብሪ ክውሃቦ ይግባእ።

ኣብ ቀዳመይቲ ንባብ ካብ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ኣብቲ ካልአይን ቀንድን ትርጉም ቤተ መቕደስ እንታይ ከምዝኾነ ይነግረና። ህንጻ ኣምላኽ ኢኹም. . . . መንፈስ ቅዱስ ኣባኹም ኃዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም እዚ እዩ ትኽ ኢሉ ኣብቲ ቀንዲ ትርጉም ዝወስደና። ንሕና ማኅደር መንግስቲ ኣምላኽ ኢና ምኽንያቱ ልባትና ውሽጣዊ መቕደስ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ጳውሎስ ኣብዚ ፍሉይ ህላዌ ኣምላኽ ኣብ ልባትና ይሕብረና። ንሕና ሕያውን ዝንቀሳቐስ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኢና።

ፍሉይ መጻዋዕታ ኣሎና ሎሚ ነዚ ቤተ መቕደስ ብቅድስና ብንጽሕናን ኣኽብሮትን ክንሕዞ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣብ ቀለዓለም ዝመልኦ ነገር ኣይነብርን እዩ። ቤተ መቕደስና ብቅድስና እንተ ነበረ ኣብ መንጎና ክነብር እዩ። እንተ ዘይኮነ ከምቲ እስራኤል ንኣምላኽ ምስ ኣሕረቕዎ ታቦት ኣምላኽ ምስ ተማረኸ ሰይቲ ፊንሃስ ኢካቦድ ኢላ ቅድሚ ምማታ ነቲ ዝወለደቶ ሕፃን ስም ኣውጺኣትሉ (ክብረት ኣምላኽ ካባና ክርሕቕ እዩ ፩ ሳሙኤል 4፡21)። ኣብ ጊዜና ተመሊስና እንተ ረአና ብስም ነጻነት ከምኡ መሰል ሰባት ብዝብል ጉልባብ ክንደይ ጊዜ ሰባት (ቤተ መቕደስ ኣምላኽ) ዘይተገፍዑ። ሰባት ነዚ ኣብ ድራግ ብምእታው፥ ወልፊ ስኽራም ዝሙት ብዝተፈላለየ ናይ ዘመና ፋሽን ኮይኑ ንደቂ ሰባት ካብ ኣምላኽ የርሕቖም ኣሎ። እዚ ኹሉ መሰረቱ ንሕና መን ምዃና ብዘይምፍላጥና ወይ ከአ ንመንነትና ሸለል ብምባልና እዩ፥ ንሕና ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኢና። ኣብ ርእስና እንተ ርአና መጀመርያ ናይ ኣምላኽ ኢና ምኽንያቱ ባዕልና ኣይተፈጠርና። በዚ ምኽንያት እዩ ጳውሎስ መጠንቀቕታ ዝህበና ንቤተ መቕደስ ኣምላኽ ዘይናቱ ክብሪ ከይንህቦ። ሓደ እኳ ነታ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ እንተ ኣፍረሰ ኣምላኽ ከፍርሶ እዩ፥ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ቅድስቲ እያ። እዛ ቤተ መቕድስ እዚአውን ንስኻትኩም ኢኹም (1ቆሮ 3፡17)።

ወንጌል ዮሓንስ ናይ እዚ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ዝለዓለ ትርጉምን ምስጢርን ይነግረና። ንቤተ መቕደስ ኣምላኽ ከመይ ገርና ብኣኽብሮትን ብጥንቃቐን ክንሕዞ ከምዘሎና ይነግረና። ኢየሱስ ጠቕሊሉ ነቲ ሓሳብ ክገልጽ እንከሎ ነዚ ቤተ መቕደስ እዚ ኣፍርስዎ ኣነ ኸአ ብሰለስተ መዓልቲ ከልዕሎ እየ ኢልዎም . . . ንሱ ብዛዕባ ቤተ መቕደስ ሰብነቱ እዩ ዝተዛረቦም (ዮሓን 2፡17)። ሰውነትና ከም ቤተ መቕደስ ኣምላኽ መጠን ብማይ ጥምቀት ዝነጽሐ ብቅብአተ ሜሮን ዝተቐደሰ፥ ማኅደር መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ እዩ፥ ከምኡ ቤተ ክርስትያን ማኅደር ቅድስት ስላሴን

ናይ እቲ ኅሩይ ወለዶ ናይ ንጉሥ ካህናት፥ ቅዱስ ህዝቢ ጥሪት አምላኽ ዝኾነ ሕዝቢ (1ጴጥ 2፡9) ማኅደር እያ።

ሎሚ ነዚ ቅዱስ ሓሰብ ክነስተንትን እንከሎና አምላኽ አባና ምሳና ከምዘሎ ኢና እነስተንትን ዘሎና። አብ ሓዲስ ኪዳን ኅንጻ ቤተ መቕደስ የለን፥ እቲ ቤተ መቕደስ ሎሚ ማሕበር ክርስትያን ናይቲ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ሰውነት ዝኾነት እዩ። ንአኹም ዝረአየ ንአይ ረአየ፥ ንአኹም ዝሰምዐ ንአይ ሰምዐ ይብል። ሎሚ እምብአር ንሕና መን መኺና ክንዝክር፥ ከመይ ከምዘሎና ክንርኢ፥ ንመን ንመስል ከምዘሎና ፈሊጥና ንዓለም ቤተ መቕደስ አምላኽዶ ኮይነ አሎኹ ክንብል።

ቅዱስ ጳውሎስ ንሕና መዓይይቲ አምላኽ ኢና፥ ንስኻትኩም ከአ ግራት አምላኽ ኢኹም፥ ሕንጻ አምላኽ ኢኹም (1ቆሮ 3፡9) ይብል። ጳውሎስ ንርእሱ ከም ሃናጻይ ይወስድ እዚ ግን ናይ ግዙፍ መንደቕ ሃናጻይ ዘይኮነ ናይ ህዝቢ ሃናጻይ እዩ። ንሱ ጀማራይ እዩ ካልኦት እዮም ነቲ ህንጻ ዝውድእዎ ወይ ዝቕጽልዎ፥ እዚ ናይ ህዝቢ ህንጻ ሓደ መሰረት እዩ ዘልኦ ንሱ ኸአ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ።

አብ መወዳእታ ኢየሱስ ንኹልና ዝበሎ ክልተ ወይ ሰለስተ ብስመይ እንተ ተአከቡ አነ አብ ማእከሎም አሎኹ ዝብል እዩ። ብሓደ ሓቢርና ብሓደ መንፈስ ክንጽሊ እንተ ኸአልና ከምኡ ፍቕሪ እንተ አንገስና አምላኽ ምሳና አሎ። ከሰክፈና ዘለዎ ንአምላኽ ቦትኡ ንኻልእ ሂብና ከይንህሉ። ንገንዘብ ንምቾት ንዓለም ሂብና ጠፊእና ከይንህሉ ሎሚ አበሎኹ ንመንከ እመስል አሎኹ ክንብል ይግብአና።

ልብና ምፍታሽ የድልዮ አሎ፥ ክጸሪ ሰላም ክረክብ ክምሕር አብ ጽቡቕ ክምለስ የድልዮ አሎ። አብ ልብና አቲና ክንፍትሽ እንተ ኸአልና ክንደይ ክነጽርዮ ክንዕርዮ ዘድልዮ ነገራት ክንርኢ ኢና። አብ መንበረ ንስሓ አቲና ንስሓ ኃጢአት ክንገብር ምሓረና ክንብል እዋኑ እዩ። ነዚ ክንገብር እንተ ኸአልና ጥራሕ እዩ ልብና ቤተ መቕደስ አምላኽ ክኸውን ዝኽእል።

ማርያም ቅ. ገብርኤል ከበስራ እንከሎ ጸጋ ዝመልአኪ እንካብ አንስቲ ዝተባረኽኪ እናበለ አበሲርዋ። መንፈስ ቅዱስ ክጽልለኪ ኃይሊ እቲ ልዑል ከአ አባኺ ክወርድ እዩ ክብላ እንከሎ ማኅደር አምላኽ ከምዝኾነት ገሊጹላ። ንሳ ልዕሊ ኩልና ታቦት አምላኽ ኮይና ንምስጢር አምላኽ ልዕሊ ኹልና አብ ሕይወታ አወሃሂዳቶ። አደ አምላኽ ንብላ እዚ ፍሉይ ክብርን ቦታን ይህባ። ከምኩለን አደታት ንወዳ ኩሉ ባህሪ ሥጋ ሂባቶ ንሱ ኸአ ምልእተጸጋ ገርዋ። ካብ ማርያም እንምሃሮ ንአምላኽ ልብኻ ሕይወትካ ሂብካ ምኽአል። ልብና ከፊትና እንተ ኸአልና መንፈስ ቅዱስ ሎሚ እውን አባና ክሓድር እዩ።

ኦ ማርያም አደና አስርኪ ስዒብና ልብና ሕይወትና ብምልኡ ታቦት አምላኽ ክኸውን ለምንልና። እቲ አብ ልብኺ ዝኃደረ መንፈስ ቅዱስ ሎሚ እውን አብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ኃዲሩ ታቦቱ ኽገብረና ለምንልና ንበላ።

ብሩኽ ሰንበት

አባ ንጉሠ ፍሥሓ